Tigrinya

# Tips for Reading with Children



## ምስ ደቅኻ ንኽትንብብ ዝሕግዙ ምኽርታት

1. ንደቅኻ እንዳዕለልካ፣ ታሪኻት እንዳነገርካን መዛሙራት እናዘመርካ ምስኦም ግዜ ኣሕልፍ።
   እዚኣቶም እዮም፣ ቀለዉዕ ንኽንብቡ ድሉዋት ንክኾኑ ዝሕግዙዎም፣ ባህ ዘብሉን ኣገደስቲ ንጥፈታት።

2. ኣብ <u>ነፍስወከፍ</u> መዓልቲ ንደቅኻ ኣንብበሎም፣ ብሓባር ኮይንኩም ከኣ ኣንብቡ።
   እዚ፣ ኣብ ነፍስወከፍ መዓልቲ ምንባብን ምስኦም ግዜ ምሕላፍን ኣዝዩ ኣድላዪ ከምዝኾነ የርኢ።

3. ነቶም ብሓባር እተንብብዎም መጻሕፍቲ ኣብ ምምራጽ ደቅኻ ከምዝሕግዙኻ ግበር።
   እዚ ኸኣ ደቅኻ ንዝለዎም ተገዳስነት ከዕዝዞ እዩ።

4. እተንብበሉ ምቹእ ኮፍ መበሊ ቦታ ርኸብ እሞ ጥቃ ደቅኻ ኮፍ በል።
   እዚ ኸኣ ኣብቲ ናይ እተንብበሉ ክፍሊ፣ ፉሉይ ዝኾነ ስምዒት ኣብ ምፍጣር ይሕግዝ።

5. ንደሃይካን ፍጥነትካን ምስቲ ታሪኽ ብዝሳነ መልክዕ ቀያይሮ።
   ከምዚ ብምግባርካ፣ ደቅኻ ባህ ኢሉዎም ነቲ ታሪኽ ክሰምዑዎ እዮም።

6. መጽሓፍ ድሕሪ ምንባብኩም፣ ብዛዕባ እቲ ታሪኽ ተዛራረቡ።
   ኣብ ሓደ መጽሓፍ ብዛዕባ ዘለዉ ታሪኻትን ዋና ሓሳባትን ምዝርራብ ንናይ ምርዳእ ዓቕሞም ኣብ ምምዕባል ኣበርክቶ ኣለዎ።

7. ንስኻ መጻሕፍቲ፣ ጋዜጣታትን መጽሄታት ከተንብብ ከሎኻ ደቅኻ ይርኣዩኻ።
   ከምዚ ብምክጋርካ ኸኣ፣ ምንባብ ከምትፈቱን ከምዘገድሰካን ኬንካ ንደቅኻ ኣብነት ክትከውን ኢኻ።

8. ንደቅኻ ናብ ቤተ መጻሕፍቲ ብቀጻሊ ውሰዶም።
   ቤተ መጻሕፍቲ፣ መጻሕፍቲን ካልእ ብዙሕ ነገራት ትረኽበሉ ዘገርም ቦታ እዩ።

MINNESOTA
Humanities Center

This resource is available in 26 languages and can be found on our website, www.minnesotahumanities.org.
For more information, please call 1-866-268-7293 or email info@minnesotahumanities.org.